ΕΛΛΗΝΙΚΗ ΔΗΜΟΚΡΑΤΙΑ
Υπουργείο Μετανάστευσης & Ασύλου

አቴንስ 19 ጥቅምቲ 2020

# ወግዓዊ መግለጺ

## ምምስራት ናይ ቤት ጽህፈት ኣገልግሎት ዑቅባ መድረኽ(platform) – ብፍላይ ብኤሌትሮኒካዊ መንገዲ ንዝተዓጽወ ቆጸራ ጥራይ ዝወሃብ ኣገልግሎት ንተገልገልቲ፡

ሚኒስትሪ ስደተኛነትን(ኢሚግሬሽን) ዑቅባን ብመንገዲ ኣገልግሎት ዲጂታላዊ መእተዊ (applications.migration.gov.gr) ሓደስቲ ኣገልግሎት ብብርትዔ ኣታኢታትዩ ኣሎ፡፡ካብ ጽባሕ ሶሉስ 20.10.2020 ጀሚሩ ናይ ዑቅባ ሓተቲ ቆጸራ ናይ ኣገልግሎት ብኤሌትሮኒካዊ ብመንገዲ ንክዓጽዉ ተክእሎታት ክህብ እዩ፡፡ብመሰረት እዚ ጸቂጥና ክንህብረኩም ንደሊ ብድሕሪ ሕጂ ቤት ጽህፈት ኣገልግሎት ዑቅባ ንተገልገልቲ **ኣገልግሎት ዝህብ ብኤሌትሮኒካዊ ብመንገዲ ንዝተዓጸወ ቆጸራ ጥራይ እዩ፡፡**

ክሳብ ሕጂውን ብቆጸራ ዝትግበሩ ዘለዉ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡

- መደብ ዝተታሓዘሎም ናይ ቃለመሕትት ቆጸራ
- መደብ ዝተታሓዘሎም ናይ ምዝገባ ቆጸራ
- ን ጉዳይ ናይ ምጥርናፍ ስድራቤት ብዝምልከት ንዝድልዩ ሰነዳት ንምእታው (ጉዳይ ዱብሊን)

ብፉሉይነት፡ ይግባይ ብምክንያት ናይ ግድን ኣብቲ ዝወሃብ ናይ ግዜ ገደብ ክትግበር ስለዘለዎ ብዘይ ቆጸራ መጺእካ ምግባር ይፍቀድ እዩ፡፡

ካብ ሰኔ 2020 ጀሚሩ ጎን ንጎኒ ብዙሓት ኣገልግሎታት እቶም ተገልገልቲ ብኣካል ከይተረኽቡ ብኤሌትሮኒካዊ ብመንገዲ ከምዞም ኣብ ታሕቲ ተገሊጾም ዘለው ስርሓት ተሳሊጦም እዮም

- ምቅያር መራኸቢታት (ስልኪ መንበሪ ኣድራሻ)
- ምቅያር ሓበሬታታት መንነት
- ማመልቻ ንምንዋሕ/ንምቅልጣፍ ናይ ቃለመሕትት
- መረጋገጺ ናይ ዘእተኹሞ ማመልከቻ
- መረጋገጺ ናይ ፋይል ምፍላይ
- መረጋገጺ ናይቲ ዘእተኹሞ ሰነዳት ጽሑፋት
- መረጋገጺ ውህበት ናይ ቅዳሓት
- ማመልከቻ ናይ ሕጊ ድጋፍ (ጠበቃ)
- ምውካስ ናይ ግዝያዊ ቁጽሪ ናይ ውሕስነትን ጥዕናን ኣገልግሎት ናይደቂ ወጻኢ( ΠΑΑΥΠΑ)

ከምኡውን ንጻዕቂ ተገገልቲ ኣብቲ ናይ ኣገልግሎት ቦታ ንምቁጽጻር፡ምሕዳስ ናይቶም ኣብ ኣገልግሎት ዘለዉ ናይ ዓለም ለኻዊ ዑቅባ ሓታታይ (ኦዝ ፋይስ)ካርድ ብመሰረት ናይቲ መወዳእታ ናይ ጉዳይ ቁጽሮም(ኬዝ ነምበር) ካብ 2ሕዳር 2020 ክሳብ 14 ጥሪ 2021 ተናዊሑ ኣሎ፡፡